THE EDUCATION STATE

VICTORIA State Government | Department of Education

# ምስግጋር፡- ቤት ትምህርቲ ብጽቡቕ ምጅማር

**ስድራ ቤታት ንጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን ንምምላእ ዝሕግዘን መምርሒ**

## ትምህርቲ ብጽቡቕ ምጅማር ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ፧

ትምህርቲ ብጽቡቕ ምጅማር ንውሉድካ ካብ መዋእለ ህጻናት ናብ ቤት ትምህርትን ናብ ናይ መጻኢ ትምህርቱን ክሰጋገር ከሎ ብዝሓሸ ንኽመሃርን ብዝያዳ ሓጐስ ንኽረክብን ክሕግዞ ይኽእል። ኣወንታዊ ምስግጋር፡ ነቲ ሓድሽን ዝጸንሐን ተመክሮታት ስለ ዘዛይድን፡ ድሕንነትን ምትእምማንን ምሕዝነትን ከም ዝስምዖ ስለ ዝገብርን፡ ንቐጻልነት ትምህርትን ምዕባለን ውላድካ እውን ይሕግዝ እዩ። ትምህርቲ ብጽቡቕ ምጅማር ብዝያዳ ሓቦኛ ንክኸውን ክሕግዞ እውን ይኽእል።

## ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን እንታይ እዩ፧

ኣገልግሎት ቅድመ ቁልዕነት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎታት ካብ ሰዓታት ትምህርቲ  ወጻኢ ዝግበር ክንክን(OSHC) ከምኡውን ስድራቤታትን ሓቢሮም ንትምህርትን ድሕንነትን ህጻናት ይድግፉ እዮም። ብመገዲ ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን (TLDS) ኣቢሎም ሓበሬታ ይለዋወጡ እዮም። እዚ ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ከሎ ብኣገልግሎት ቅድመ ቁልዕነት ዝተጻሕፈ እዩ።

ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን (TLDS)  ኣብ መንጎ ኣገልግሎታት ቅድመ ቁልዕነትን ኣብያተ ትምህርትን ብዛዕባ ትምህርትን ምዕባለን ድሕንነትን ውላድካ ሓበሬታ የካፍል። እዚ ጸብጻብ እዚ ብዛዕባ ድሌታትን ክእለትን ዓቕምን ውላድካ ሓጺር ርእይቶ ይህብን ንውላድካ ንምድጋፍ ዝሕግዙ ውልቃዊ ኣቀራርባን ናይ ምምሃር ስልትታትን ኣለልዩ ይሕብርን።

እዚ ጸብጻብ፡ ውላድካ ትምህርቲ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ብዛዕባ ትምህርቲ ውላድካ ኽትርዳእን ንዕኡ ኽትድግፍን ክሕግዘካ ይኽእል። ኣብዚ ጸብጻብ ዘሎ ሓበሬታ ንመምህራን ሰረተ-ትምህርቲ (ፋውንዴሽን) ንውላድካ ንኽፈልጥዎን ግቡእ ናይ ምምሃር መደባት ንኽውጥኑን ይሕግዞም። ውላድካ ኣብ ኣገልግሎታት ክንክን ሰዓት ሕላፍ ክሳተፍ እንተኾይኑ፡ እዚ ጸብጻብ እዚ ኣብኡ ንዘሕልፎ ግዜ ንምውጣን እውን ይሕግዝ።

እዚ ጸብጻብ ገለ ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታታት ኣለዎ፡ እንተላይ ስም ውላድካ፡ ዕለተ ልደት፡ ስእሊ፡ ከምኡ እውን ስምካን ሓበሬታ ናይ እትርከበሉ ኣድራሻን። ብተወሳኺ፡ ስምን ዝርዝር ኣድራሻን ናይ ካልኦት ንውላድካ ዝደገፉ ሰብ ሞያ ቅድመ ቁልዕነት ክህልዎ ይኽእል።

ኣብዚ ናይ ውላድካ ጸብጻብ ኣበርክቶ ምግባር ሓደ ካብቲ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ንስኻን ውላድካን ብሓባር ክትሳተፍዎ እትኽእሉ ናይ ቤት ትምህርቲ ምስግጋር ንጥፈታት እዩ።

## ንጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን ውሉደይ ብኸመይ ክረኽቦ እኽእል?

ኣገልግሎት ቅድመ ቁልዕነት ውላድካ ነቲ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ጸብጻብ ክትረኽቦ ዝሕግዘካ ሊንክ ክህበካ እዩ። እቲ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ጸብጻብ ነቲ ጸብጻብ ንምምላእ ዝሕግዝ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

ነቲ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ መሳርሒ ክትጥቀመሉ እንተ ዘይክኢልካ፡ ኣብ ክንድኡ ናይ ወረቐት ቅዳሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ካብቲ ጸብጻብ ነየናይ ኽፋል እየ ኽመልኦ ዘለኒ?

*ክፋል 1ን 1.1ን* ብናይ ውላድካ መምህር ቅድመ ቁልዕነት ይምላእ።

*ክፋል 1.2* ውላድካ ናይ ዕቤት ዝሕታለ ወይ ስንክልና እንተሃልይዎ ብመምህር ቅድመ ቁልዕነት ውላድካ ኽምላእ ይኽእል። ካልኦት ንውላድካ ዝሕግዙ ሰብ ሞያ እውን ነዚ ክፋል ክውስኹሉ ይኽእሉ እዮም።

*ክፋል 2: እቲ ቖልዓ:* እዚ ውላድካ ምስ ሓደ ኣጸቢቑ ዝፈልጦ ዓቢ ሰብ ኩይኑ ዝመልኦ እዩ። እዚ ሰብ እዚ፡ ንስኻ ወይ እቲ ናይ ቅድመ ቁልዕነት መምህሩ ክኸውን ይኽእል።

*ክፋል 3፦ እታ ስድራ ቤት:* እዚ ንስኻ እትመልኦ እዩ። ርእይቶኻ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ክፋል እዚ ንናይ ውላድካ ድሌታት፡ ከምኡ እውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ውላድካ ዘለካ ሓሳባትን ተስፋን ከተካፍል ዝሕግዙኻ ሕቶታት ኣለዎ። ነዞም ሕቶታት ምምላስ መምህራንን ሰራሕተኛታት ኣገልግሎታት ክንክን ሰዓት ሕላፍንን (ኣድላዪ እንተኾይኑ) ንውላድካ ክሕግዙን ክርድኡን ክሕግዞም ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ንትምህርቱን ምዕባለኡን ክድግፍ እዩ።

## ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን ምስ ተወድአ እንታይ እዩ ዝስዕብ?

ድሕሪ ምዝዛም ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን፡ መምህር ቅድመ ቁልዕነት ዝተመልአ ቅዳሕ ክህበካ እዩ።

መምህር ቅድመ ቁልዕነት ነቲ ዝተዛዘመ ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን ነቶም ናይ ውላድካ ቤት ትምህርትን ኣገልግሎት ክንክን ሰዓት ሕላፍንን (ኣድላዪ እንተኾይኑ) ከካፍሎም እዩ።

ውላድካ ኣብ ኣየናይ ቤት ትምህርቲ ከም ዝመሃር ርግጸኛ እንተ ዘይኮይንካ፡ መምህር ቅድመ ቁልዕነት ካልኣይ ቅዳሕ ናይቲ ጸብጻብ ምስግጋር ትምህርትን ዕቤትን ክህበካ እዩ። እዚ ንውላድካ ከተመዝግቦ ከለኻ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ *ክፍሊ 3: ስድራ ቤት:* እንተ ዘይወዲእካዮ፡ መምህር ቅድመ ቁልዕነት ውላድካ ነቲ ካልእ ዝተዛዘመ ክፍልታት ንኣገልግሎት ቤት ትምህርትን ንኣገልግሎት ክንክን ሰዓት ሕላፍንን (ኣድላዪ እንተኾይኑ) ከካፍሎምን ነቲ ቕዳሑ ክህበካን እዩ።

ነዚ ሓበሬታ ምክፋል ናብ ቤት ትምህርቲ ዕዉት ምስግጋር ከም ዝድግፍ መጽናዕትን ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመጸ ርእይቶን ኣመልኪቱ እዩ። ነቲ ጸብጻብ ንቤት ትምህርቲ ውላድካ ኽተካፍሎ እንተ ዘይደሊኻ፡ በጃኻ ምስ መምህር ቅድመ ቁልዕነት ውላድካ ብዛዕባ እዚ ተዘራረብ።

ግቡእን ውሑስን ሓበሬታ ንሰብ ሞያ ትምህርትን ክንክንን ቪክቶርያ ንጽቡቕ ሂወትን ድሕንነትን ህጻናት ንምርግጋጽ ዘድሊ ፍልጠትን ሓበሬታን ክህልዎም ይሕግዞም እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብዚ እቶ [https://www.vic.gov.au/information-sharing-schemes-and-the-maram-framework](https://www.vic.gov.au/information-sharing-schemes-and-the-maram-framework)

## ንተወሳኺ ሓበሬታ

ዝያዳ ንምፍላጥ ናብዚ እቶ [www.vic.gov.au/transition-school-resources-families](http://www.vic.gov.au/transition-school-resources-families)

እዚ ሓበሬታ ብብዙሕ ማሕበረሰባዊ ቋንቋታት እውን ኣብ ተመሳሳሊ ሊንክ ይርከብ እዩ፦
[www.vic.gov.au/transition-school-resources-families](http://www.vic.gov.au/transition-school-resources-families)